# ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ካበይ ናበይ?
# ብዓይኒ ዳርዊናዊ መነጽር

## ክፋል - 2

**1ይ ወያነ** 1943 ሰውራ ተወፋሮ ኣብ ትግራይ

**2ይ ወያነ** 1975 - 1991 ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ





ብኣጋጣሚ መበል 35 ዓመት ዝኽሪ ምውላድ

**ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ**

19 ፌብሩዋሪ 1975 - 19 ፌብሩዋሪ 2010

ብክቡር ሃይለ መንገሻ ዑቕበ ናይ ግንባር ዋና ኣማሓዳሪ
ዝቐረበ ታሪኻውን ምርምራውን ደኮመንት

2ይ ሕታም ግንባር ቶሮንቶ / ቶሮንቶ፡ ካናዳ



<u>1ይ ወያነ፡ ናይ 1943 ሰውራ ተወፋሮ ኣብ ትግራይ</u>

## 1.2 መኅታዊ ሀ ሁ ወያነ ትግራይ

**1942 - 1943 1ይ ወያነ ትግራይ**

ብመሪሕነት ክቡር ብላታ ሃይለማርያም ረዳ፡ ናይ ተወፋሮ ወያነ ወይድማኒ ሰውራ ጸረ ንጉስ ቀዳማዊ ኃይለ ሥላሤን ናይ ኣምሓራ ከበርቴን ኣብ ትግራይ ተቐጻጸለ።

<u>ጠንቅታት ን1ይ ወያነ</u>።

እዞም ዝስዕቡ እሉኻት ነበሩ። ዕጭ ንምምላስ ናይቶም ነብሰ ኣፍቃር ሃዳሚ ንጉስ ኃይለ ሥላሤ ካብ መዕቂቢኦም ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ . . . ዕጭ ንምእክልና ኣብ ትሕቲ ኣምሓራ . . . ዕጭ ንምስትላም ተዛማዲ ዴሳዊ ያታታት ትግራይ (ንኣብነት ውነና ብሕታዊ ቃጽያታት ብብርኩት ቁጽሪ ተወፋሮ) . . . ዕጭ ንመግዛእቲ ናብ ህልም ዝበለ ከበርቴኣዊ ርስቲ ጉልቲ ኣገባብ ናይ ዘውደ ነገስታት . . . ከምኡኒ ጽኑሕ ዘፋን ነቀል፡ ትግራይ ኮንትሮ ኣምሓራ እሉኻት፡ ብኻልእ ዘረባ ሽወኛይ ሣኃለማርያም ኃይለመለኮት (ሃጸይ ምኒሊክ 2ይ) ኮንትሮ ተምቤናይ ካሕሳይ ምራጭ (ሃጸይ የውሃንስ 4ይ) ዝብሉ ጠንቅታት ን1ይ ወያነ ነበሩ።

ብተወሻኺ ጸረ ዓቃበዎት ላዕለዎት መሳፍንቲ ትግራይ፡ ቁጠዐታት ዝተሓወሶ፡ ብሮጉድ ገመድ ትግራያዊ ናይ ተወፋሮ ዓመጽ ብቐጠንቲ ኣፋትል ድማኒ ተራጻሚ ደርባዊ ሰውራ ነበረ።

እቶም ብረተኛታት ተወፋሮ ትግራይ ኣንጻር ወረርቲ ጦር ሰራዊት ንጉስን ንዕኦም ሓንጊሮም ናብ ዙፋኑ ክመልስዎ ዝነጣጠፉ ዝነበሩ ብሪጣንያውያን መኳንንትን ኣብ ዘተፈላለዩ ከባቢታት ትግራይ ተኸታተልቲ ግጥሚያታት ኣካይዶም፡ ነቶም ወረርቲ ሓይልታት እስቲሂና ኣቢሎም ደርዓምዎም። ተወፋሮ፡ ንዓቢይ ዓዲ፡ ኲሓ፡ እንዳየሱስ፡ መቐለ ምሉእ ብምሉእ ተቘጻጸሩ። ብሉጻት ዓይነት ኣጽዋራት ብኹምራታት ማረኹ። ከቢድ መስዋእትነት ከፈሉ። ኣንጸባራቒ ዓወት ግን ጨበጡ።

**ፎርቶ እንዳየሱስ፡ ኣብ መጨረሻ ዘሎ ሰመያዊ ጥብቆ ርአ።**

ወየንቲ ተወፋሮ ትግራይ፡ ንኮሎኔል ፕላክ ዝተባህለ ዋና ብሪጣንያዊ ኣዛዚ ምስ ገለ ብሪጣኒያውያን መኳንንቱ፡ ኣብ ማእከል ዓውደ ኲናት ዘቢጦም ዓወት ንሓፋሽ ኣበልዎም። ስንቂ ሓሳኹ መሬት ትግራይ ኮይኖም ተረፉ።

ስዕረት ዝተኅምጉሙ ንጉስን ብሪጣንያውያንን፡ ካብ የመን ሓይሊ ኣየር ብሪጣንያ (BRITSH ROYAL AIR FORCE) ብምጽዋዕ፡ ኣብ ልዕሊ ሕምብርትታት ወየንቲ መቐለ፡ እንደርታ፡ ኮርቤታ ናይ ቦምብታት ሕሱም ጭፍጨፋ ኣካየዱ። ከምሳዕቤኑ ወየንቲ ተሳዕሩ። ብኡ ንብኡ ከኣኒ 1ይ ወያነ ሃጠመ። ሰሪ ስዕረቶም ድማኒ ተጋሩ ከምዚ ቢሎም ቆዘሙ።

*ብዓድዋ ኣምበይ ምኣተወን*
*ብማይጨው ኣምበይ ምኣተወን*
*ብዘይንፈልጠ ሰማይ መጺኡና'ምበር*

**1970 <u>ማሕበር ተጋሩ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ</u>**

<u>Tigrayan University Students' Association</u> ተመስረተ። ተጋሩ ተመሃሮ ኣብ ክሊ ዩኒቨርሲቲ ቀዳማዊ ኃይለ ሥላሤ፡ ኣዲስ ኣበባ፡ ልዕለ ባይታን ትሕተ ባይታን ናብ ለውጢ ዘተኮረ ቃልስታት የነጣጥፉ።

<u>ዕማማት ልዕለ ባይታ ማ. ተ. ተ. ዩ.</u>። ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ኣብ ትግራይ ምጥፋእ መሃይምነት፡ ሕርሻ፡ ምግራብ፡ ምክልኻል ፍግረ መሬት ነከእ ኣስተምህሮታት ምሃብ። ኣብ ኣ. ኣ. ካብ ርኹባን ተጋሩ ባጤራዊ ወፈያታት ኣኪብካ፡ ኣብ ትግራይ ኣብ ቤት ትምህርታዊ ቁምነገራት ምፍሳስን፡ ገለ ልዕለ ባይታዊ ቃልስታት ማ.ተ.ተ.ዩ. ነበረ።

ዕማማት ትሕተ ባይታ ማ.ተ.ተ.ዩ.። ስቱር ፖለቲካዊ ምንቕቓሓት ምክያድ። ወያኔኣዊ ጦብላሕታት ዘለዎ, ጽሑፋት ከምኒ "ዕጠቕ" ፡ "ድምጺ ብሄረ ትግራይ" ምድላውን ምዝርጋሕን . . . ወዘተ።

ማ. ተ. ተ. ዩ. ንለውጢ ዘስቆርቆሮ ጠንቅታት። ኣመና ወጽዓታት ኣብ ልዕሊ ብሄረ ትግራይ ብመንጽር ዝተመሓየሸ ምጣኔ ሃብቲ ናይ ኣምሓራ. . . ዜሮ ኢንዱስትሪ . . . ዜሮ ዩኒቨርሲቲ . . . ውጹእ ደረጃ ማሃይምነት . . . ከቢድ ጽቕጠት ቛንቋ ትግርኛ . . . ዝባኑ ዝኸፈተ ድኽነት ኣብ ኣውራጃ ትግራይ . . . ዘስካሕክሑ ብድዐታት ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ኣዳማውቲ (ኣብ ውሽጢ ዓባይ ኢትዮጵያ ከምኡ'ውን ኣብ ኤርትራ)።

14 ሰፕተምበር፡ 1974
ማሕበር ገስገስቲ ብሄረ ትግራይ
Association of Progressives of Tigray Nation ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ብ7ተ ተጋሩ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ቀ.ኃ.ሥ. ተመስረተ። እዚኦም ነበሩ።

1. ኣረጋዊ በርሀ ሽፋን በሪሁ 2. ፋንታሁን ዘራጽዮን ሽፋን ጊደይ 3. ዘርኡ ገሰሰ ሽፋን ኣግኣዚ 4. ሙሉጌታ ሓጎስ ሽፋን ኣስፍሃ 5. እምባየ መስፍን ሽፋን ስዩም 6. ኣለምሰገድ መንገሻ ሽፋን ሃይሉ 7. ኣምሃ ጸሃየ ሽፋን ኣባይ

ማሕበር ገስገስቲ ብሄረ ትግራይ ካብ ውሽጢ እቲ ኣቐዲሙ ዝተመስረተ ማሕበር ተጋሩ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ከም ውሉድን ኣባትን ተተክአ።

ፍልልያቶም።
ማሕበር ተጋሩ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ብፖለቲካ ልስልስ ዝበለ ግን ኣድማዒ ብኣካደሚያ ነበረ። ማሕበር ገስገስቲ ብሄረ ትግራይ ግን ብንጹር ፖለቲካዊ መስመር ዝሓዘ፡ ናብ ወያነ (ገድሊ) ዘቛመተ ማሕበር ነበረ።

ውድብ ብሄረ ትግራይ
Tigrayan National Organization
ማሕበር ገስገስቲ ብሄረ ትግራይ፡ ኣብ ጉዕዞ ዘይዕላዊ ምቕያር ስም ገበረ። ውድብ ብሄረ ትግራይ ተባህለ። ው.ብ.ት. ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ትግራይ ሳገመ። ኣብ ትግራይ ካብ ከተማ ንገጠር ወጺኡ፡ ንህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ወለደ።



2ይ ወያነ: ህዝባዊ ሰውራ 1975 - 1991

ፈብሩዋሪ 19፡ 1975 ዓ.ም. ፈረንጂ
(የካቲት 11፡ 1967 ዓ.ም. ግእዝ)
ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ Tigray People's Liberation Front ተወልደ።

ውድብ ብሄረ ትግራይ ካብ ከተማ ንገጠር ወይከኣ ካብ እንዳስላሴ (ሽረ) ንበረኻታት ደደቢት ብምውጻእ ወያነ ወይ ድማኒ ብረታዊ ገድሊ ኣፋለመ። እዚ ኣብ ደደቢት ዝተፋለመ ናይ 11 የካቲት ሰውራ፡ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ዝብል ወግዓዊ ስም ለበሰ። ብኡ ንብኡ ናብ መላእ ትግራይ ተቐጻጸለ።

ድሕሪ 31 ዓመት፡ 1ይ ወያነ ነቲጉ ዝቃሃመሉ፡ ሓድሽ 2ይ ወያነ በረቐ። እዚ ግን ንሓንሳቢት ጀሚሩስ ዝቅህም ነይኮነ።

1983 ህ. ወያነ ን85% መሬት ትግራይ ተቖጻጸረ።
1989 100% ንኣውራጃ ትግራይ ሓራ ገበረ።

ጀናዋሪ 1989
ናይ ኢትዮጵያ ህዝብታት ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር Ehtiopian People's Revolution Democratic Front ተመስረተ።

ህ.ወ.ሓ.ት. ምስ ኣምሓራዊ ናይ ኢትዮጵያ ህዝብታት ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ከምኡ'ውን ምስ ኦሮማዊ ናይ ኦሮሞ ህዝብታት ደሞክራሲያዊ ውድብ ልፍንቲ መስረተ። ነዚ ሕብረ ብሄራዊ ግንባር ብፊተውራርነት መሪሑ፡ ናብ ሕምብርቲ ኢትዮጵያ መርሹ ሽትኡ ወቒዐ። ፖለቲካዊ ስልጣን ዓተረ።

## ፎርቶ እንዳየሱስ

ጁላይ 1943። ወዮም ምዑታት ተወፋሮ፡ ነቶም ኣብ ፎርቶ እንዳየሱስ ዓሪዶም ዝነበሩ ጦር ሰራዊት ኃይለ ሥላሴ፡ ብስትራተጂያዊ ቅዱ ጥበብ ስዒሮም፡ ነቲ ነቕ ዘይብል ጽኑዕ ታባ ተቖጻጸርዎ። ፎርቶ እንዳየሱስ፡ ካብ ኮምቢሽታቶ መቐለ ኣስታት 2 ኪ/ሜ ምሕድግ ዝበለ፡ በሪኽ፡ ኣዚዩ ስትራተጂያዊ ዕርዲ ኢዩ።

ዲሰምበር፡ 1895 ታሪኻዊ ፎርቶ እንዳየሱስ። ኣብኡም ንንጉስ ኃይለ ሥላሴ፡ ምስሌነ ሃረር ክቡር መኮንን ወልደሚካኤል ጉዴሳ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ፎርቶ እንዳየሱስ ዓስኪሩ ዝነበረ፡ ክቡር ማጆረ ጁሴፐ ጋሊያኖ ዝመርሖ ሓደ ብሪጌድ ናይ ኢጣልያውንን ሓበሻውን ሓይልታት ተኸታተልቲ መጥቃዕትታት ኣካየዱ። ኮይኑ ግን ማጆረ ጋሊያኖ ኣላሽ ምባል ኣበየ። መኮንን፡ ንጋሊያኖ ብሓይሊ ጠበንጃ ካብ ፎርቶ ኣንዳየሱስ ከልቅቕዎ ፍጹም ስለዘኣጎሞም፡ ንጋሊያኖ ምስ ዓሳኽሩ ን29 መዓልታት ኣብ ጥንኩር ዝኾነ ናይ ከበባ ቀለቤት ከርደንዎ። ክልቲኦም ተቐናቐንቲ ወገናት ከኣ ኣብ ዓቕለ ጽበታዊ ጃላነት ሰልከዩ።

መወዳእትኡ፡ ተቐናቐንቲ ውዕል ምቁራጽ ደም ምፍሳስ ተወዓዓሉ። መኮንን፡ ዘቐመጥዎ ክርደና ከልዕሉ፡ ጋልያኖ ከኣ ብሰላም ፎርቶ እንዳየሱስ ለቒቑ፡ ናጻ ኮይኑ ናብ ኤርትርኡ ክምለስ፡ ውዕል ሰሪያምን ኣብ ግብሪ ፈጸሞምን ተገላግሉ።

እምበኣርከስ ድሕሪ 47 ዓመትን መንፍቕን፡ ተረኽቦ መኮነነ ጋሊያኖ ኣብ ፎርቶ እንዳየሱስ፡ እዞም ንሪኦም ዘሎና ተወፋሮ ምስ ጦር ሰራዊት ናይ ንጉስ ኃይለ ሥላሴ ማለት ንክቡር መኮንን ወዶም፡ ኣብ ፎርቶ እንዳየሱስ ገጠሙ። ብውዕል ሰላም ግን ንጸላእቶም ነጻ ኣይለቐቕዎምን። ብብሉጽ ቅዲ ስትራተጂ ውግእ ኢዮመ ዝሓምሸሽዎም።

ተወፋሮ፡ ዝተማረኹ ወተሃደራዊ ሳራይን ለባቢሶም፡ ኣብ ዝተማረኻ ወተሃደራዊ መኻይን ተጻዒኖም፡ ባንዴራታት ኢትዮጵያ ፈልፈል ኣናኣበሉ፡ ትኽ ኢሎም ናብ ጸላእቶም ተመርቀፉ። "ኣይፈራም ወዳጅ ነው . . . ወዳጅ ነው" ብሰላምታ ኣእተውዎም። ብዓቢ ስኒዕትን ክእለትን ድማኒ ናብ ውሽጢ ሕምብርቲ ጸላኢ ተደቐደቑ። ድሓር ካብ ውሽጢ ሕምብርቶም ነተጕ። ትኣምር ሰርሑ። እንዳየሱስ፡ ዓወት ንሓፋሽ በለት። ስዒባ፡ መቐለ ሓፈሸት።